# ዝትሓቑነ ጸባ ጠስሚ የዉጽእ፣
# ብሚካኤል ኣጎስቲኖ ጀርመን
## 3 ሕዳር 2009

ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና በብጊዚኡ ዘይምርድዳእን ምፍሕፋሕን ካብ ዝርኤ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ፡ እቲ ብዝያዳ ጎሊሑ ዝርኤ ካአ ኣብ ሞንጎ መሰረታዉያንን መሪሕነታትን ሰልፍታትን ይኹና ዉድባት፣ ከምኡ'ዉን በርገሳዊያን ማሕበራትን ብጠቕላሉኡ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ እንርከብ ዝርኤ ጉዳይ ኮይኑ፣ እዚ ምትፍናንን፣ ምንቅቃፍን ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና ባህርያዊ ኢዩ.። ኣብ ባሕሪ ሓርነታዊ ቃልሲ ክነንሳፍፍ ምስ ንጅምር ፈቲና ጸሊእና ነቐፌታ ከም ጽላለትና ከም ዝስዕበና ክንርዳእ ክንክእል ኣሎና፣ እዚ ምስ ዝኸዉን ኢዩ ኻአ ኣብ ትመጽእ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ሓንቲ ደሞክራስያዊት ሃገር ክንተክል ንኽእል፣፡ ኣብ ስርዓት ህግደፍ እዚ ተርእዮ እዚ ክርኤ ኣይክእልን ኢዩ። ምስ ዝረኤ ካአ ከምዚ ኣብ ዝሓለፈን ዘሎን መድረኽ ዝጥቀመሉ ናይ ዲክታትር ሓለንጊ ጥራይ ኢዩ.። ተጻይ ናይዚ ግና ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ሰሚናር ይኩን ጉባኤ ኣብ ዝገብራሉ መደምደምታኡ ኣኸባ ብዑዉት ተዛዚሙኢዩ ኢዩ ተባሂሉ ይንገር።ኣብዚ እዋን እዚ ግን ነገራት ክሕቆን ንርእን ንዕዘብን ኣሎና ፣ ስለዚ እዚ ሓደ መርኣይ ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና ኢዩ፣ኣሜን ዘይኮነ ነቐፈታ'ኻ ተቐርበሉ መድረኽ በጺሕና ማለት ኢዩ ::

መሪሕነት ተቓወምቲ ደምበ ነቐፌታ ብመሰረታዉያን ክቀርብ ከሎ ክንዲ መልሲ ዝህቡሉ የጽቁጡ፣፡ እንታይ ም'ኳኑ ይገርመካ፣ ኣበይ ከይበጽሑ ማለቶም ድዩም?፣ ወይ እዉን ትርጉም ናይ ነቐፌታ ዘይምርዳእ ኢዩ? ንመራሕትና ይገድፎ፣፡ ከምእዉን ባዕላቶም ዝሓንጠጥዎ ሕጊ ድዩ ንድፌ ብኡኡ ክንዲ ዝቅየዱ ነጺገሞ ክኸዱ ንርኢ።ካብ ዘገርም ንዝተኸልዎ ኣጉዶ ኣፍሪሶም ዊን ከምዝበሎም ንሳቶም ከምድላዮም ዝጋላበጥሉ ኣግዶ ክሰርሑ ንሪኢ ፡ ፣ እዝስ ኣየታሓትትንዶ ትብሉ ኩቡራት ኣንበብቲ? ስለዚ እዚኦም ዝመስሉ መራሕትና ድኣ ጽባሕ ስልጣን ምስ ሓዙ እንታይ ክገብሩ ኢዮም ። ተጽግበኒ ቕጫስ ኣብ ሞቅሎኣ ከላ ይፈልጣ ዶ ኣይኮነን ጉዳዩ፣ ስለዚ ኣብ ዝሓለፈ ብረታዊ ቃልስና ዓቢ ጊደ ዝተጻወቱ እ'ኳ እንተኾኑ እቲ ክብረት ኣብ ቦቱኡ ሃልዩ፣ ሎሚ ኢሂን ሚሂን ኢልና ዓብና ንእሽቶና እዛ ኣብ ሽግር ጢሒላ ዘላ ሃገር ክነድሕና ንኽእል፣ ስለዚ እቲ ሎሚ በብጊዚኡ ከም ነቀፈታ በብዝተፈላለየ መልክዑ ኣብ ሞንጎ መሪሕነትን መሰረታዉያን ዝረኤ ዘሎ ዉጺኢት ናይ ነዊሕ ሓርነታዊ መስርሕ ስለ ዝኾነ ኣወንታዊ ኢዩ ፡፣ግን ኣፋታትሑኡ ከነጸብቐሉ ኢዩ ዘለና፣ ክዕልለኩም ሓቐኛ ዝተገብረ ዛንታ ሓደ ኣብ ኤዉሮጳ ዝቅመጥ ኤርትራዊ ንመራሕቲ ህ.ግ.ሓ፣ኤ. ካብ ሰብ ዝተፈጥሩ ድዮም ወይ መላእኽቲ ኢዮም ኢሉ ካብ ኤዉሮጳ ናብ ኤርትራ ክሪኦም ከደ፡ እዚ ኣብ 1992 ዓ.ም. ስለ ዝነበረ መራሕቲ ኣብቲ ጥቃ ጠቕላይ ግዝኣት ዝነበረ ቤት ሻሂ ካብ ቤትጽሕፈቶም ወጺኦም ሻሂ ክሰትዩ ኣብኡ ትረኽቦም ኢ'ኻ ስለ ዝበልዎ ኣብቲ ግምት ሳዓት ዝበልዎ ድሕሪ ምጽባይ በበሓደ ከምቲ ልምዶም ሻሂ ክሰትዩ ምስ መጹ እቲ ክርእዮ ዝወሰዶ ብጻዩ እነዉህልካ በል መጺኦም ምስ በሎ ወዲ ነዛ ክሪኦም ሓፊሩ እትዉ ምስ በሉ ትሕቲ ጣዉላ ምስ ጠመተ ብራሃጽ ከይራአዮም ሻሂኦም ሰትዮም ንስርሖም ተመልሱ። እቲ ብጻዩ ግርም ኢልዎ፡ ኣንታ እንታይ ወሪዱካ ምስ በሎ፡ እዋእ ኣንታ ነዚኦም ከመይገይርካ ጥምቶም በሎ ፡ ስለዚ ማዕረ መላእኽቲ ሰሪዕዎም ዝነበረ ሰብ ፡ ሎሚ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ተቓዉሞ ደንበ ተቓዉሞ ህዝቢ እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ይርድኣካ፣ በዚ ኢዩ ኻአ ህዝባዊ ዕላማዝራጋገጽ፣ እንተደይኮይኑ ከምቲ ኣቶ ኢሳያስ ሽዲኑ ንህዝብና ዓፍራ ስጋብ ዘዉጽእ ረጊጽዎ ዘሎ ከምኡ ከይድገም ክንጥንቀቅ ይግባእ፣ ነቐፌታ ክባሃል ከሎ "ምትእርራም" ድኣምበር " ምንሻዉ" ዘይም'ኻኑ መራሕትና ክርዶኦም ክ'ኽእል ኣለዎ ፡፣ ስለዚ ብሓቂ ነቐፌታ ግዜ ግዜ እናወለደ ክመጽእ እንከሎ፣ ነቐፌታ ንማንም ከምዘይንሕፍ ርዱእ ኢዩ፣እዚ እቲ ዓቢ መሳሪሒ ናይ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና ስለ ዝኾነ ነፍስወከፍ ተቃላሳይ ክሕንገጦ ኢዩ ዝግባእ፣ ነቐፌታ ከምዝድልየና እንበር ሰንከልከል ከም ዘየብለና ክንግንዘብ ይግባእ፣ ንዝወሃበና ነቐፌታ ብክፉት ልቦና ከንቅበሎ ምስ ን'ኽእል ጥራይ ኢዩ መስርሕ ቃልስና ክሰስን ዝ'ኽእል፣ ንዝቐረበልካ ነቐፌታ ከም ዓቢ ጸጋ ብዕምቆት ክንበብ ወይ ክስማዕ ኣለዎ፣ ሓድነት ህዝብና ኣብ ንጹርነትን፡ ዘይነሓፍነትን፡ተጻዋርነትን ማዕርነትን፡ ተሳታፍነትን ይድልድል እምበር ኣብ ጣዉላ ኮፍ ኢልካ ብጭርሖ፣ ብምጭዳርን፡ ብምጉብዕባዕን ፡ብስልበጣን፡ ኣይመጽእን እዩ።

ዓወት ንህዝብና!!!